ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብ ወረዳታት እንዳ መኾኒን እንደርታን ዝርከባ 6 ኣብያተ ትምህርቲ ቐለልቲ ፅገናታት ማዕፆ በርን መስኮትን ንምክያድ ኣብ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ሓፂነ መፂኒን (ብረታ ብረት) ዝተዋፈሩ ዝምልከቶም ትካላት ብፕሮፎርማ ብምውድዳር ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 24, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 1, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 2, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ሰራሕቲ ሓፂነ መፂን/

ምልክታ ፕሮፎርማ

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብ ወረዳታት እንዳ መኾኒን እንደርታን ዝርከባ 6 ኣብያተ ትምህርቲ ቐለልቲ ፅገናታት ማዕፆ በርን መስኮትን ንምክያድ ኣብ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ሓፂነ መፂኒን (ብረታ ብረት) ዝተዋፈሩ ዝምልከቶም ትካላት ብፕሮፎርማ ብምውድዳር ከስርሕ ይደሊ። ዝለዝኾነ ድማ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ዝምልከተኩም ትካላት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ናይ 2018 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ስራሕ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ፣

2. መለለዪ ንግዲ ፍቓድ (Tin Number) ምስ ንግዲ ፍቓድ ፎቶ ኮፒ፣

3. VAT ተመዝጊብቲ (እንተኾይኖም) ዝተመዝገበለ መረዳእታ ናይ ወርሒ ሕዳር 2018 ዓ.ም ዲክላራስዮን ከቕርቡ ዝኽእሉን፣

4. ካብ እስፐሲፍኬሽን ወፃኢ ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን፣

5. እዚ ፕሮፎርማ ስዒርካ ምስ ተብሃለ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ዘየማትእ ውዕሊ ብምእሳር እቲ ስራሕ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ኣጠናቒቑ ከረክብ ዝኽእል።

6. እቲ ዋጋ ክምላእ ከሎ ምስ VAI ምኂኑን ዘይምኂኑን ብንፁር ክቕመጥ ኣለዎ፣፣ ብንፁር እንተዘይተፈሊጡ ምስ VAT ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር፣፣

7. ኣብቲ ሰነድ ፕሮፎርማ ሙሉእ ሽምን ማህተምን እቲ ትካል ክጥቀስ ይግባእ፣

8. ዝርዝር ሰነድ ፕሮፎርማ ካብ ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ት ዞባ ደቡብ (ከተማ ማይጨው) ወይ ካብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ጥቓ ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ) ቢሮ ቁፅሪ 410 እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ሰዓት ምውሳድ ይከኣል፡

9. ማ.ል.ት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ፕሮፎርማ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

10. እዚ ፕሮፎርማ ዕለት 01/05/2018 ዓ.ም ሰዓት 8፡30 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

(መቐለ) ቢሮ ቁፅሪ 410 ይኽፈት።

ማ ሕ በ ር ል ም ዓ ት ት ግ ራ ይ!

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle